# ፓስቶራዊ መደብ ማሕበረ-ስብከት ቶሮንቶ

ንእምነት ማሕበረ-ስብከት ቶሮንቶ፡



እዚ ሓጺር ጽማቕ መደብ ማሕበረ-ስብከት ቶሮንቶ፡ ንዓና ከምቲ የሱስ ንደቂ-መዛሙርቱ ብጸሎት ንክነብሩ ዝሓተቶ ንክንፍጽም እድል ዝህብ ኣጋጣሚ ኢዩ።

ፓስቶራዊ መደብና፡ ኣብቲ መሰረት ጻዕሪና ዝኾነ ዓሚቕ ጸሎት ዝተሞርኮሰ ኢዩ።

ተልእኾና ኣብ ክልተ ይኽፈል። ፓስቶራዊ ተልእኾና (ውሽጣዊ) ንውፉይ ተኸተልቲ ካቶሊክ ደጊፍካ ኢምነቶም ንምድልዳል ዝተዓለመ ክኾውን ከሎ፣ ኢዚ ድማ የሱስ "ኣባጊዔይ ኣብልዕ" ዝበሎ ኣብነታዊ ቅዱስ ፐጥሮስ ብምኽታል'ዩ። ሃዋርያዊ ተልእኾና (ንደገ ዝጠመተ) ድማ ወንጌል ኣብ ሞንጎ መእመናንን ካብ ቤተ-ክሪስትያንና ወጻኢ ዘለውን ንምዝርጋሕ ዝዓለመ"ዩ። ነዚ ጻዕሪና ኣብነት ዝኾነና ድማ እቲ መጀመርታ ንየሱስ ኣዘራሪቡ ብድሕሪኡ ብዛዕቡኡ ኣብ ምሉእ ዓለም ዝኣወጀ ቅዱስ ፓውሎስ'ዩ።

ፓስቶራዊ መደብና ን' ኣብ ማሕበረ-ስብከት ዝርከብ ነፍስ-ወከፍ ካቶሊክ ናትና ተራ ምምሕዳር ህያባት ኣምላኽ ምኧኡ ንክንጸባሪቕ ንምዕዳምን፣ ንዓና ናብ ሊጋስ መንፈስ ዚመርሓና ዓሚቕ ውሽጣዊ ለውጢ ዝዕድም፣ እዚ ድማ በቲ ምስ ካለኦት ሰባት ብዘይ ምብቃቅ እነሕልፎ ዘሎና ግዜን ጥበብን ይግለጽ። ነፍስ ወከፍ እዋን ብመንፈስ ሞሳ ንነብር፣ እቲ ዝተዋህበና ኩሉ ኣብ ፍረ ነገር ነውዕለሉ ኣገባባት ኣብ ምንዳይ ነሕልፎ፣ ንእግዚኣብሄርን ጎረቤትን ኣብ ምግልጋል ነሕልፎ።

ብዛዓባ ኣብ ኩሉ ፓስቶራዊ መደባትና ዝፍተሉ ቀንዲ ፈትሊታት ግዱሳት እና። ስራሕና ውጽኢታዊ መታን ክኾውን ስድራ-ቤታት ብፍላይ ድማ መንእሰያት ምስታፎም ክነረጋግጽ ኣሎና፤ ባህላዊ ፍሊልያትና ክነኽብር ኣሎና፤ ዘሎና ሃብቲ ብብልሓት ክንጥቀም ኣሎና፤ ከምኡ ድማ ውጽኢታዊ ርክብ ክንገብር ይግብኣና።

እዚ ጽማቕ እዚ መጽሓፍ ቕዱሳዊ ምሳሌ ናይ ጉንዲ ወይኒን (የሱስ) ጨናፍርን (ህዝቡ) መሰረት ዝገበረ እዩ። ኣብ ጉዕዞና ቀዳምነት ዝተዋህቡ ሓሙሽተ ቀንዲ ነገራት ይመርሑና።

ኣብ ታሕቲ ተዋሒቡ ዘሎ ወብሳይት ኣቲኹም ብዛዕባ ናትና ጉዕዞ "ሮድማፕ" ዝበለጸ መረዳዕታ ክትረኽቡ ይዕድም፡ www.archtoronto.org/pastoral ካብኡ ምሉእ ፓስቶራዊ መደባትን ካልእ ምንጪታትን መሳርሒታትን ክትረኽቡ እኹም።

ስለ'ቲ ማሕበረ-ኮምና ንምድልዳል ዝተጻወትኩሞ ተራ ብዙሕ የመስግን። ኣብቲ ናይ ወይኒ ግራት ኩላትና ብሓባር ተሗግስና ክንጽዕር ብጸሎተይ ካረጋግጸልኩም እፈቱ።

ብስም የሱስ፣

+ Thomas Card. Collins

Thomas Cardinal Collins
Archbishop of Toronto

# ሓሙሽተ ቀንዲ መምሪሒታት - ኣብ ወይኒ ዝርከቡ ጨናፍር

## ሂወት ሰበኻ

“እቶም ዝኣመኑ ኹላቶም ከኣ ብሓንሳእ ነበሩ፡ ዘለዎም ኩሉውን ብርኪ ነበረ ...”
ግብረ ሃዋርያት 2:44



ሰበኻታትና ነንሕድሕድና ተራኺብና ንክሪስቶስ ድማ ንረኽበሉ መንፈሳዊ ገዛውቲ እየን። መደብና ነተን 225 ሰበኻታት ነቶም ሰሙን ሰሙን ምሳና ኮይኖም ዘብዕሉን ነቶም ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ናብ ገዝኦም ዝምለሱን መርሓባ ብምባል ዘስተናግዱ ቦታታት ንክንገብሮም ይጽውዓና። ሰሙን ሰሙን ብጥንቃቔ ተዳሊና ሃይማኖታዊ ወግዒታት (ቁርባን፣ ጥምቀት ...) ብምኽባር ኩሉ ሰብ ኣቃልቦ ብምሃብ ንክሳተፍ ክነተባብዕ'ና። ን'ኣቅሸሽትን ዲያቆናትን መንገዲ ኣምላኽ ኣብ ምምራሕ ክንተሓባብሮም እና፤ ንክንተሓጋገዞም ክዕድሙና ከለዉ ድማ ምላሽ ክንህቦም እና። ኣብዚ መዳይ ኩላትና ባሓባር ኣለና። ነቶም ድሮ ንካህናቶም ኣብ ምብጻሕን፡ ቤተሰባትን ቤተ-ክሪስትያናትን ናይ ምሕጋዝ መደብ ጀሚሮም ዘለዉ ሰበኻታት ክነኽብሮም ኣሎና። ካብ ናቶም ኣብነት ብዙሕ ክንመሃር ንኽእል እና። እተን ሸሞንተ ዕላማታት ሰበኻ ንምውካስ ኣብ www.archtoronto.org/parishlife ረዓዩ።

## መንፈሳዊ ኣገልግሎት

የሱስውን፡ “ኣነ ድማ ገፈፍቲ ሰብ ክገብረኩም እየ፡ ንዑ ሰዓቡኒ” በሎም። ብኡብኡ መርበቦም ሓዲጎም ሰዓብዎ። - ማቴዎስ 4:19-20





እግዚኣብሄር ንነፍስ ወከፍና “መርበባትና ደርቢና” ናበይ ገጹ ይመርሓና ከምዘሎ ንክንፈልጥ ይሓተና ኣሎ። ሰበኻታት ዝመርሑ ካህናት የድልዩና፡ ንዓታቶም ዝሓግዙ ዲያቆናት የድልዩ፡ ንዝተፈላለዩ ካህናትና ንምሕጋዝን ሃይማኖታዊ ማሕበረሰብና ንከማዕብሉ ሞያተኛ ሰባት የድልዩና። ነፍስ ወከፍ ተከታሊ ካቶሊክ ብጸሎትን ምትብባዕን ብምዕዳምን መንፈሳዊ ተጣባቒ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ከምኡ ድማ ነቶም ንዓመታት ኣገልጊሎም ጦሮታ ዝወጹ ኣቅሸሽቲ'ውን ኣብ ጎኖም ከምዘሎና ክነረጋግጸሎም ኣሎና። ብሓባር ኮይንና ነቲ ኣብ ክልልና ዝርከብ መንፈሳዊ ባህሊ ክነማዕብሎ ንኽእል'ና። ብዛዕባ እተን ሽዱሽተ ዕላማታት “መንፈሳዊ ኣገልግሎታት” ንምዉካስ ኣብ www.archtoronto.org/vocations ኣቲኹም ኣምብቡ።

## ምስባኽ ወንጌል ኣብ ሕብረተሰብ

“በሎም ድማ፡ ናብ ኩላ ዓለም ኪዱ፡ ንብዘሎ ፍጥረት ከኣ ወንጌል ስበኹሉ።” – ማርቆስ16:15

እቲ ኣንብር ጥራይ ዝበሃል “ሓድሽ ስብከት” ኣብ ክሪስቶስ ብዘሎና እምነትን ናብ ካልኦት ብምምሕልላፍ ንረኽቦ ሓጎስ ብዝምልከት ኣድናቖቱ ይገልጽ። ናይ እምነት ድምጺ ኣብ ህዝባዊ ኣደባባይ ንክስማዕ ክንጽዕር እና። ዓለምና ነዚ ተኣዊጁ ዘሎ ወንጌል ካብ ዝኾነ እዋን ሎሚ ብዝያዳ ከምዘድልዮ ንኣምን። ህዝባዊ ምስክርነት ብግብሪ ክነደልድሎ ኣሎና፤ ከምኡ ድና ምስ ኣብያተ ትምህርቲን ዩኒቨርሲቲታትን ካለኦት ትካላትን ብሓባር ብምስራሕ ካቶሊካዊ ድምጺ ከምዝስማዕ ክንገብር ኣሎና። ኣብ ግዜ ዝርርብ ዘመናዊ መሳርሒ ብምጥቃምን ሃይማኖታዊን ዓለማዊን መራኸቢታት፡ ማሕበራዊ መራኸቢታትን ካልኦት መሳርሒታትን ተጠቂምና ኣገልግሎት ወንጌል ክብ ክነብሎ'ና፤ ኣብ ኩሉ ማሕበረ-ስብከት ሓያል ናይ ስብከት መሳርሒታት ክንጥቀም እና። ሓሙሽተ ዕላማታት “ምስባኽ ወንጌል ኣብ ሕብረተሰብ” ንምውካስ ኣብ www.archtoronto.org/evangelize ኣቲኹም ኣምብቡ።





## ካቶሊካዊ ምብጽሕ ን'ፍትሒን ፍቕሪን

“ንትሑታት ብስራት ከበስርሲ እግዚኣብሄር ቀቢኡኒ እዩ እሞ፡ መንፈስ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ልዕለይ እዩ። ንስቡራት ልቢ ኽዘንን፡ ንምሩኻት ሓርነት፡ ንእሱራት ከኣ ምፍታሕ ክእውጅ ለኣኸኒ።” ኢሳይያስ 61:1

ጳስቶራዊ መደብና ብዝተፈላለየ ኣገባባት ንክንምስክርን ክነገልግልን ከምኡ ድማ ዘይፍትሓዊ ኣጋጣሚታት ክፍጠር ከሎ ንክንጣበቐሎም የገድደና፤ ብመገዲ ፓስቶራዊ ኣገልግሎት ንድኻታትን ንዝተገለሉን ከም በኣል ኣብ ካምፓስ ዝርከቡ ተምሃሮ፣ እሱራት፣ ያቅባ ኣብ ምሕታት ዝርከቡ፣ ኣካላዊ ወይ መንፈሳዊ ማሕሰይቲ ዝወረዶም ንክንሓግዝ የገድደና። እዚ ኹሉ ምስ ሰበኻታት፣ እናዞሮ ዝሰብኩ ጉጅለታት፣ ናይ ካቶሊክ ትካላት፣ ኣብ ትካላት ዘገልግሉ ካህናትን ካለኦት ባስተራዊ ኣገልግሎታት ተሐባብርና ክንገብሮ ንኽእል'ና። ናይ ካቶሊክ ግብረ-ሰናያትን ShareLife ዝበሃሉን ንዝገበሩዎ ሰናይ ተግባር ብዙሕ ነመስግን፤ ካብኡ ንላዕሊ ክንሰርሕ ድማ ኣሎና። ኣብ ግዜ ጸሎት “ብሰላም ክዱ፡ ኣብ ህወትኩም ንጎይታና ኣወድሱ” ዝብል ቃል ንሰምዕ'ና። ኽመይ ገይርና ኣብ ማሕበረሰብና ናይ የሱስ ኤዓዱን ገጽን ክንኾውን ንኽእል፤ ኣርባዕተ ዕላማታት “ካቶሊካዊ ምብጻሕ ን'ፍትሒን ፍቕሪን” ንምውካስ ኣብ www.archtoronto.org/outreach ኣቲኹም ኣምብቡ።







## ቤተ ክሪስትያን ከም ኣርማ ተልዕኾና

"ንስኻትኩምውን ኣብኡ ማሕደር ኣምላኽ ብመንፈስ ክትኮኑ ሓቢርኩም ትህነጹ ኣሎኹም" – ኤፌሶን 2:22

ቤተ ክሪስትያን ቅዱስ ሚኪኤል፣ ኣደ ናይ ኩለን ኣብ ማሕበረ-ስብከት ና ዝርከባ ኣብያተ ክሪስትያን፣ ኣብ ምሉእ ልቀ ፓፓሳት፣ ኣብ ክልልናን ኣብ ትሕቲ ሰማያዊ ደገፍ ዝርከብ ካቶሊክ ዝጥርንፍ፣ ኣብ ትሕቲ ናይ እምነት ተጣባቒ ዝኾነ ሊቀ መላእክት ሚኪኤል ይርከብ። ከም ኣብነታዊ ህወት ሰበኻ፣ እዚ ቤተ ክሪስትያን መንገዲ ኣምላኽ ብፓስተራዊ ክንክንን ህዝባዊ ምስክርነትን ይመሪሕ። ድሮ ተጀሚሩ ዘሎ መስርሕ ምጽጋን ቤተ ክሪስትያን ይቅጽል። ከምኡ ድማ ኣብ ከባቢ ቤተ ክሪስትያን ንዝርከብ ቦታ ናይ ምዕራይ መደብ'ዉን ኣሎና፤ ማለት "ናይ ቤተ ክሪስትርያን ሐጹር" ብምዕራይ ብ'ቤት ትምህርቲ ሙዚቃ ቅዱስ ሚኪኤል ጌርና መኣከብን፣ መጸለይን፣ መብጽሒን ክንጥቅመሉ እና። እዚ ማለት ከም መብጽሒ ናብ መሳክንን ተኣክብና እንመሃረሉ ቦታን ከምኡ ድማ ዓለምና ብመራኽቢ ብዙሓንን እደ ጥበብን ዝራኸበሉ ቦታ ንምግባር'ዩ። ዝተፈላለዩ ባህሊታትን ምዕቡል መራኸቢ ብዙሓንን ኣብ ዝርከቡሉ ከተማ፣ ቤተ ክሪስትያን ካቶሊክ ኣፍ ደገ እምነትን ወንጌልን ኮይኑ ከገልግል ኣሎዎ። ኣርባዕተ ዕላማታት "ቤተ ክሪስትያን ከም ኣርማ ተልዕኾና" ንምውካስ ኣብ www.archtoronto.org/cathedral ኣቲኹም ኣምብቡ።

www.archtoronto.org

## ዕላል ይቀጽል

ኣብ ፓስቶራዊ መደባትና ስለዘሳተፍናኩም ደስ ኢሉና። ብዛዕባ ናትና ጉዕዞ "ሮድማፕ" ዝበለጸ መረዳዕታን ካለኦት ሓበረታታትን ረኺብኩም መታን ክትሓግዙና ኣብ ኢንተርነት ኦንላይን ኣቲኹም ኣንብቡ። ኣብ ቤተ ክሪስትያንና ድሮ ብዙሕ ኣገረምቲ ነገራት ይፍጸሙ ኣሎዉ፤ ካብዚ ንላዕሊ ክፍጻም ከምዝካኣል ፈሊጥና ኣብ ልዕሊ ተነጺፉሉ ዘሎ መሰረት ወሲኽና ንሕነጽ። በዚ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ኣገባብ ክትሓግዙ ትኽእሉ፡

ሀ) ኣብ ከባቢኹም ኣብ ዘሎ ሰበኻ ተሳተፉ - ኣብ መድረኽ ጎይታና ወይ መኤከቢ ሰበኻ ኣገልግሉ፣ ኣስተምህሮ ሃቡ፣ ኣባላት መዘመራን ወይ ድማ ኣባላት በጻሕቲ ገዛ ኩኑ። ነፍስ ወከፍ ካቶሊክ ኣብ ከባቢኡ ሌላ ብምግባር ንክሳተፍ ነተባብዕ።

ለ) ኣብ ወብሳይት www.archtoronto.org/pastoral ኣቲኹም ብምንባብ ብዛዕባ ፓስቶራዊ መደባት ዘሎኩም ርእይቶ ግለጹልና። እዚ መግለጺ ኣብ ህወትካ እንታይ ተራ ኣሎዎ፧ ሰበካኻ እንታይ ጽቡቕ ነገራት ይገብር ኣሎ፧ ኣብ ምንታይ መዳይ ብምንጣፍ ውጽኢታዊ ይገብሮ፧

ሐ) ጸሎት - ኣብ ግዝኣተ-ስብከት ዝርከብ ነፍስ ወከፍ ካቶሊክ ኣብዛ ዓለምና መዓልታዊ ኣብ ግራት ወይኒ ዝጽእሩ ዘሎዉ ደቂ ሰባት ንክጸልየሎም ንላቦ። ኩላትና ብመንፈስ ተደጋግፍና ፓስቶራዊ መደባትና ኣብ ቦታና ይኹን ኣብ ከባቢና ንቂድምት ከም ዝምርሹ ክንገብር ኣሎና። ነዚ መደብና ንምፍጻም ንኣደ እግዚኣብሄር ዝኾነት ማሪያ ሕድሪ ብምሃብ ሰዓብቲ የሱስ መታን ክንኮውን ክትጸልየልና ንሓትት።

twitter.com/archtoronto

facebook.com/archtoronto

# ፓስቶራዊ መደብ ማሕበረ-ስብከት ቶሮንቶ

ዓበይቲ ፓስቶራዊ መደባትና ንዕላማታት ክንክንን ምብጻሕን ናብ ሕብረተሰብና የማዕብል። ከምቲ ኣብ ዕላማታትና ዝተንጸባረቐ፡ እዚ መደብ፡ ንህይወት ነፍስ ወከፍ ኣብ ማሕበረ-ስብከትና ዝርከብ ካቶሊክ ከገልግል ንጸሊ።





ህይወት ሰበኻ

"እቶም ዝኣመኑ ኹላቶም ከኣ ብሓንሳእ ነበሩ፡ ዘለዎም ኩሉውን ብርኪ ነበረ ..." ግብረ ሃዋርያት 2:44

(i) ኣመንቲ ብምሉእ ልብን ንቕሓትን ተሳቲፎን ናይ ሰምበት ቅዱስ ቁርባን ይወስዱ
(ii) ናይ ጸሎት ዕድላትን መንፈስ ምምስራትን ብኡ ምድልዳልን
(iii) ኣቀባብላን እንግዶትን ምብጻሕን ዘተባብዕ ማሕበራዊ ህይወት ሰበኻ
(iv) ፓስተራዊ ዓይነት ኣገልግሎትን ምትሕብባርን ዘተባብዕ ሃያል ምሕደራ ኣብ ውሽጢ ሰበኻ
(v) ብቑዕ ፓስቶራዊ ምሕደራ፤ ማለት ኣብ ውሽጢ ሰበኻ ሓላፍነትን ተሓታትነትን ዘማዕብሉ ክፍሊታትን ሸማግለታትን
(vi) ናይ ቤተ-ክሪስትያንና ቤተ-ሰባት ምድጋፍ
(vii) ንዝተሓደሰ ስብከት ብተወፋይነት ምስራሕ፤ ብመልክዕ ሕቶን መልስን ዝቐርብ ትምህርቲ ሃይማኖትን ኣብ ኢምነት ምሙርካስን
(viii) ንተልእኾ ሃዋርያት ኣጥብቅኻ ምምስካር - ብምብጻሕ ሃይማኖት ዘስፋሕፍሑ ኣቕሽሽትን ኣገልግሎታትን





መንፈሳዊ ሞያ

የሱስውን፡ "ኣነ ድማ ገፈፍቲ ሰብ ክገብረኩም እየ፡ ንዑ ሰዓቡኒ" በሎም። ብኡብኡ መርበቦም ሓዲጎም ሰዓብዎ። - ማቴዎስ 4:19-20

(i) ንመንፈሳዊ ሞያ ምጽላይ
(ii) ንዝተቀብኡ ካህናትን ሃይማኖታዊ ህይወትን ደገፍ ምብርካት
(iii) ኣብ ውሽጢ ሰበኻን መንፈሳዊ ቤት ጽሕፈታትን ተራ ፓስቶራዊ ካህናት ምስፍሕፋሕ
(iv) ኣብ ቡጽ. ኣኡጉስቲን ሰሚናርይ ንዝተቀብኡ ካህናት መደባት ምግንዛብን ሃይማኖታዊ ሰረትን ምውህሃድ
(v) ሃይማኖታዊ ሰረትን ስልጠና ምእመናንን ምድልዳል
(vi) ንካህናትን ምእመናንን ዝተዳለው መደባት ኣቢልካ ቀጻሊነት ሃይማኖታዊ ሰርት ኣብ ኣመሓደርቲ ፓስቶራት ምርግጋጽ





ስብከት ወንጌል ኣብ ሕብረተሰብ

"በሎም ድማ፡ ናብ ኩላ ዓለም ኪዱ፡ ንብዘሎ ፍጥረት ከኣ ወንጌል ስበኹሉ።" – ማርቆስ16:15

(i) ምስ ናይ ካቶሊክ ትምህርታዊ ቲካላት ብምትሕብባር ኣብ ቤተ ክርስትያንና ምስክርነት ናይ ምሁራት ባህሊ ከምዝምዕብል ምግባር
(ii) ቀጻሊነት ዝምድና ኣብ መንጎ ግዝኣተ-ስበኻታትን ሰበኻታትን ብህዝቢ ዝምወሉ ናይ ካቶሊክ ኣብያተ ትምህርትን ተምሃሮን
(iii) ትምህርትን ብመልክዕ ሕቶን መልሲን ዝቐርብ ትምህርቲ ሃይማኖት ንምምዕባልን ብእምነት ንምድልዳልን ምስ ትካላት ትምህርቲ ካቶሊክ ምትሕብባር
(iv) ሃይማኖታዊ ባህሊ ብመራኸቢ.ታት ብዙሓንን ማህበራዊ ርክባትን ንምምዕባል ምስ ካቶሊካዊ መራኸቢ.ታትን ካለኦት ትካላት መራኸቢ ብዙሓንን ምትሕብባር
(v) ምስ ኣብ ትምህርቲ ሃዋርያትን ማሕበራዊ ርክባትን መራኸቢ ብዙሓንን ዝዋስኡ ብምትሕብባር ብእምነት ምቛምን ስልጠናን ምምዕባል



## ካቶሊካዊ ምብጻሕ ንፍትሒን ፍቕሪን


“ንትሑታት ብስራት ከበስርሲ እግዚአብሄር ቀቢኡኒ እዩ እሞ፡ መንፈስ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ልዕለይ እዩ። ንስቡራት ልቢ ኽዘንን፡ ንምሩኻት ሓርነት፡ ንእሱራት ከኣ ምፍታሕ ክእውጅ ለኣኸኒ።”
ኢሳይያስ 61:1

(i) ብናይ ካቶሊክ ግብረ-ሰናያት ኣቢልካ ፍትሒን ፍቕሪን ዝሓዘለ ተበግሶታት ብቑዕ ምብጻሕ ምርግጋጽ
(ii) ብቑዕ ፓስቶራዊ ኣገልግሎት ምሃብ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ትካላት ከም ቤት መኣሰርቲን ቤት ትምህርትን ካህናዊ ኣገልግሎትን ክንክንን ምሃብ
(iii) ብቑዕ ማሕበራዊ ፊትሒ ንክሰፍን ምጕስጓስ
(iv) ምስ ማሕበረ-ስብከት ዓቢ ምትሕብባር ብምግባር ናብ ሰበኻታት ናይ ምብጻሕ ተበግሶታት ከምዝድልድሉ ምግባር



## ቤተ ክሪስትያን ከም ኣርማ ተልእኾና

“ንስኻትኩምውን ኣብኡ ማሕደር ኣምላኽ ብመንፈስ ክትኮኑ ሓቢርኩም ትህነጹ ኣሎኹም”
– ኤፈሶን 2:22



(i) ቁንጅና ቤተ ክሪስትያን ቅዱስ ሚካኤል ዳግም ምሒዳስን ምምዕባልን
(ii) ቤተ ክሪትያንን ክፍሊታት ቤተ ክሪስትያንን ናብ መኤከብን መጸለይን መብጸሒን ቦታን ምምዕባል
(iii) ምትሕብባር ኣብ መንጎ ሽማግለ ቤት ትምህርቲ ካቶሊክን ቤት ትምህርቲ ሙዚቃ ቅዱስ ሚካኤልን
(iv) ንቤተ ክሪስትያንን ክፉላት ቤተ ክሪስትያንን መኣከላት ስብከት ከምዝኾኑ ምብሪባር

## ብጸሎት ምጽናዕ

ፓስቶራዊ ተልእኾና ↔ ሓዋርያዊ ተልእኾና

| ህይወት ሰበኻ | መንፈሳዊ ሞያታት | ካቶሊካዊ ምብጻሕ ንፍትሒን ፍቕሪን | ምስባኽ ሕብረተሰብ | ቤተ ክሪስትያን ከም ኣርማ ተልዕኾና |
|---|---|---|---|---|

ንቤተ-ሰባት ብፍላይ ድማ ንመንእሰያት ኣሳትፍ

ባህላዊ ፍሊሊያትና ኣኽብሩ

ዘሎኩም መሳርሒታት ብኣገባብ ተጠቀሙ

ብቑዕ ርክብ ግበሩ

...ናብ ድሙቕ መስተናግዶ

www.archtoronto.org
twitter.com/archtoronto
facebook.com/archtoronto